# ኣኼባ ግዝያዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ላዕለዎት መሪሕነት ሰለስተ ውድባትን

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን)
11.05.2007



ካብ ዕለት 08-10 ግንቦት 2007 ኣብ ሃገር ጀርመን ከተማ ዳንባኽ ዝተኻየደ 5 ኣባላት ግዝያዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፡ 8 ኣባላት ላዕለዎት መሪሕነታት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን እተሳተፍዎ ኣኼባ ብዓወት ተዛዚሙ።

ኣኼባ፡ ንተመኵሮ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራን ንተመኵሮ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ብዕምቈት ድሕሪ ምድህሳስ ኣብ ሓባራዊ ገምጋም በጺሑ። ድሕሪ ካልኣይ ጒባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ዝተኻየደ ቀዳማይ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ዘጋጠመ ሃንደበታዊ ምግምማዕ፡ ዘይተጸበዮን፥ ንኸየጋጥም ውን ኵሉ ዝከኣሎ ጻዕርታትን ሕድገታትን ከምዝገበረን ኣኼባ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።



እቲ ብ6 ኣባላት ማእከላይ መሪሕነት ዝቖመ ግዝያዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፡ ብግዝያዊ መሪሕነት ዝተሓንጸጸ መድረኻዊ መደብ ዕዮን ከምዝለዎ ክቕጽልን፤ ኣቦ መንበራት ሰለስቲኡ ውድባት ድማ፡ ንስርሓት ግዝያዊ መሪሕነት ክቈጻጸሩን ክከታተሉን ኣኼባ ወሲኑ።

ኣኼባ፡ ንፕሮግራማትን ቅዋማትን ናይ ሰለስቲኡ ውድባት እተጽንዕ ሽማግለ ክትቀውም ተወሲኑ። ነፍስወከፍ ውድብ፡ ንቕርጻን መደብ ዕዮን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን-1 ንምምዕባል ዝሕግዝ መጽናዕቲ ከቕርብ፤ እዚ መጽናዕትታት'ዚ ናብ ሓደ ሓባራዊ ንድፊ ተጸሚቑ፡ ንምጽዳቑ ናብ ሓገግቲ ባይቶ ናይ ሰለስቲኡ ውድባት ክቐርብ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ፡ ኣብ ዲፕሎማስያውን ህዝባውን ዜናውን መዳያት ብሰለስቲኡ ውድባት ክካየዱ ዝግብኦም ሓባራዊ መደባት ስራሕ ሓንጺጹ።

